**ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ**
**ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን**
**ኣምስተልፌን- ኣምስተልላንድ**
**ሆላንድ።**

**St. Eritrean Orthodox Tewahdo**
**Medhanie Alem Kerk**
**Amstelveen-Amstelland Holland.**

27 **ጥቅምቲ** 2018 **ግዕዝ**
6 **november 2025**
**ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2018-612**

**በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።**

**ዕድመ፥ ክብረበዓል መበል 22 ዓመት ምምሥራት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ፥**

**ናብ ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ፥**

**ብመጀመርታ መንፈሳዊ ሰላምታና እንዳ ኣቕረብና ኣብ ህይወትኩም ሰላምን ጥዕናን ምስ ኩሉ ናይ ሥራሕ ኣሳልጦ ንምነየልኩም። ብምቕጻል ክሳብ'ዛ ሰዓት እዚኣ ስለ ዝሓለወናን ሰላሙ ስለ ዝሃበናን ንልዑል እግዚኣብሔር ኣምላኽና ዝላዓለ ምስጋና ነቕርበሉ።**

**መበል 22 ዓመት ክብረበዓል ምምሥራት ቤተክርስትያንና ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ ከም'ቲ ልሙድ ኣብ ወርሒ ሕዳር ኣብ መዓልቲ ምሥረታ ከነኽብሮ ኢና'ሞ፥ እነሆ ብኽብሪ ንዕድመኩም ኣሎና።**
**ንዝሓለፈ 22 ዓመታት ኣብ ዝተፈላለየ ጊዝያትን ኣጋጣሚታትን፥ እዛ ቅድስቲ ቤተክርስትያን ደብረሰላም መ/ዓለም፥ ኣገልግሎታን ቀጻልነታን ኣብ ምዕባይን ኣብ ምውሓስን፥ ገደብ ዘይብሉ ጽንዓትን ተወፋይነትን ብምርኣይ፥ ብወለንታ ንዘገልገልኩም ውሉደክህነት፣ ኣመሓደርቲ፣ ኣካየድቲ ሥራሓት፣ ኣጼታትን መንእሰያትን፣ ብሓፈሻኡ ንኹሎም ኣባላት እዛ ቅድስቲ ቤተክርስትያንና ዓቢ ምስጋና ከነቕርብ ንፈቱ። ነዚ ጽቡቕ ሃይማኖታዊን ማሕበራዊን ኣገልግሎትኩም ከኣ፥ መድሓኔዓለም ኣብ ዓንደ-ወርቂ ጽሒፉ፥ ንመጻኢ ጉዕዞና'ውን ከም ወትሩ ባዕሉ ክኣልየና፥ ጸግኡ ከብዝሓልናን ሰላሙ ከውርደልናን ምኳኑ ኣምነትና ኢዩ።**

**እዚ ክብረበዓልና ቀዳም ዕለት 15 ሕዳር 2025 ዓምፈ (6 ሕዳር 2018 ግዕዝ) ብሓባር ብፍቕሪን ሕውነትን ከነብዕሎ ምኳንና ምስ ኣኽብሮት ንሕብር።**
**ቴማ ናይ'ዚ ዕለት'ዚ "መልኣኽ እግዚኣብሔር ንዮሴፍ ብሕልሚ ተራእየ"። ማቴ 2፡19_**
**ኩሉ-ሓደ ናይ'ዚ ክቡር ዕለት'ዚ ተሳታፊ ክኸውን እንዳ ዓደምና፥ ንዘይፈለጡ ክትሕብሩ፥ ንዓናይ ናብ ቤት እግዚኣብሔር ኢልኩም ክትጉስጉሱ'ውን ሃይማኖታዊ ግዴታ ኢዩ'ሞ፥ ንጻማና ዝኸውን ምኳኑ ፈሊጥና፥ ሓቢርና ክንሠርሓሉ ሰበኻ ጉባኤ ብኽብሪ የተሓሳስብ።**

**ቅዳሕ፥**
**-ንቤ/ጽ/ንኡስ ሃገረ ስብከት ንግሥነት ነዘርላንድ (ን/ሃ/ስ)፥**
**-ንቤ/ጽ/ሃገረ ስብከት ኢውሮጳ፥**
**-ለበዋ፥ ን/ሃ/ስ/ ከኣ ንኩሎም ሰበኻ ጉባኤታት፣ ውልደክህነት፣ መዘምራንን ምእመናን ናይ ቅድስቲ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቢተክርስትያናት ኤርትራ ኣብ ነዘርላንድ ክትዕድሙልና ብኽብሪ ንሓትት።**

**ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ**

**እግዚኣብሔር ኣምላኽና ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቤተክርስትያንናን ይባርኸልናን ይዓቅበልናን።**

The Eritrean Orthodox Church Stichting Medhanie Alem Tewahdo Amstelveen Amstelland



***ሰበኻ ጉባኤ ደ/ሰላም መ/ዓለም / Het Kerkelijk bestuur van Debreselam Medhanie Alem*** Email: debreselammedhaniealem@gmail.com; Website: www.debreselam-medhaniealem.com
**Amstelveenseweg-965, 1081JG Amsterdam Nederland**